ርእሲ ዓንቀጽ:

# ባርባራዊ መግዛእቲ ኢሰያስ ብኸመይ ይትኣለ?

<u>ብኸመ'ዩ እዋናዊ ሃገራዊ ሕቶ ክምለስ ዝኽእል:</u> ጉጅለ ደቀባት 11.06.2009 ዓ.ም.

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብሰንኪ <u>ልኡኽ ፋሽስታዊ ኢሰያስ</u> ዝመጸ ጠንቂ: ኣብ ዘስካሕክሕ ጃምላዊ ጥፍኣት ወዲቑ ከምዘሎ: ንኹሉ ንጉዳይ ኤርትራ ዝከታተል ሰብ ግሉጽ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከም'ዚ ሓደጋ ተንጠልጢሉ ከሎ ግን: የማናውያን ወይ ጸገማውያን: ኣስላማውያን ወይ ብሔራውያን: ተንቀሳቐስቲ ኢና እንዳበሉ <u>ፋሕ ኢሎም</u> ንቃለሰልካ ኣሎና ዝብሉ: ካብ 18 ውድባት ንላዕሊ ምህላዎም'ዩ። እቲ ካብ ኩሉ ዘተሓሳስብ ከኣ ተፋላሊዮም ከለው: በቶም ንፍርቂ ዘመን ዝኣክልን ጸላእትና ዝነበሩን: ገና'ውን ጸላእትና ዝኾኑ መንግስቲ ኢትዮጵያ ተሓጊዝና: ንህዝቢ ካብ'ዚ ወሪዱዎ ዘሎ <u>ባርባራዊ መግዛእቲ ኢሰያስ</u> ክነገላግሎ'ና ኢሎም ዘይፍጸም ተስፋ ንህዝቢ ኤርትራ ምሃቦም'ዩ። እዚ ኣብ ቀቢጸ ተስፋ ዝመርሕ ሽጣራ'ዚ ግን: ንህዝቢ ንኽይቃለስ ኮነ-ኢልካ ምቅላስ ኣንተዘይኮይኑ: ረብሓ ከምዘየምጽኣሉ ተፈሊጡ'ዩ። ነዚ ከኣ ሎሚስ ኵሉ ብዛዕባ ኵነታት ኤርትራ ዝከታተል ሰብ ኣዝዩ ተረዲኡዎ'ዩ። ብኸም'ዚ ዓይነት ቃልሲ'ዚ ከኣ: ንህዝቢ ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ክናግፎ'የ ኢልካ ምሕላም ሃውተታ ጥራይ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ እምብኣር: እቲ ብኸም'ዚ ዓይነት ኣገባብ ቃልሲ: እቃለስ ኣሎኹ ዝብል ውድብ ይኹኑ ጉጅለ: ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ: ምስ ባርባራዊ ጉጅለ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ተላፊኑ ይዓዪ ከምዘሎ እዩ ዘነጽረልካ።

ሎሚ እዋን ህዝቢ ኤርትራ ሃይማኖቱ ዝበርሰሉ: ብሔሩ ዝድምሰሰሉ: ዘኸርዕ ጭዋ ባህሉ ዝጠፍኣሉ: ወለዶኡ ብጃምላ ዝጸንተሉ ዘሎ'ዩ። ብፍላይ እኳድኣ ህዝቢ ከበሳ: ብመደብ ንኽጸንት ፋሺስታዊ ገዛኢ ኢሰያስ ስርሒይ ኢሉ: ተዓጢቑሉ ከምዘሎ ሓላፍ መንገዲ ዝፈልጦ መስርሕ'ዩ። ብሓጺሩ ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ: ኣብ መንጎ ሞትን ህይወትን ከምዘሎ ምስክር ዘድልዮ ኣይኮነን። ስለ'ዚ ህዝቢ ኤርትራ ሃይማኖትን ሕጂ ዓሌትን ብሔርን ከይፈለየ: ብውህደት ነቲ በኸሩ ዘሎ ሕቶ ሓድነት ክምልስ እዋኑ ይጠልቦ ኣሎ። ንሕቶ ሓድነት ምስ መለሰ ድማ: ሓባራዊ ባይቶ መስሪቱ: ነቲ ፈላልዩን መሰሉ መንዚዑን: ብሕሱም ፋሺስታዊ መግዛእቲ ዘማስኖ ዘሎ ኢሰያስ: ቀንዲ ጸላኢኡ ምዃኑ ከለልዮ ይግባእ። በዚ መስርሕ'ዚ ጥራ እዩ ህዝቢ ኤርትራ ክድሕን ዝኽእል።

ሎሚ ወለዶ ህዝቢ ኤርትራ ብረቂቕን ዝሑል ውግእን ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ክጸንት ኣንዳርኣኻ: ካብ ኤርትራ ትሓቢእካን ሓኪልካን: እቃለሰል ኣሎኹ ምባል ምትላል ጥራይ እዩ። እቲ ሎሚ ቀንዲ ፍታሕ ክኸውን ዘለዎ ግን: ሕሉፍ ተመክሮታት ቃልሲ ፈቲሽካን ገምጊምካን: ብሓቅን ብግልጽን ሓደ ሓባራዊ ባይቶ መስሪትካ: ብሓርበኛዊ ተቓውሞ ንኢሰያስ ምምካት ጥራይ እዩ። <u>ምስ ኢሰያስ ተዓሪቕካን ተመሳሲልካን ግን ኣይኮነን።</u>

ህዝቢ ኤርትራ ቅድሚ 1961 ዓ.ም. ጀሚሩ ክሳብ 1991 ዓ.ም. : ንነጻነቱ ክብል ብንቕሓት ይኹን ብሃገራዊ ስምዒት: ልዕሊ ሃገራዊ ዕላማ ተቓሊሱ: ክቡር መስዋእቲ ዝኸፈለ ህዝቢ'ዩ። እቲ ጻማ-ቃልሱ ግን ብሰንኪ ሰላዪ ኢሰያስ ከምዝተጨውየ ዘየካትዕ ጭቡጥ ሓቂ'ዩ። እቲ ሓቂ ንሱ ኰይኑ ከሎ ድማ: ዝተፋላለየ ኣጋጣሚታት ተጠቒምካ: ዝተፈላለያ ውድባት ስለዝመስረትካ: ዓወት ክመጽእ ኣይክእልን'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ተቓወምቲ ውድባት ተፋላልዮምም: ንቃለስልካ ኣሎና ዝብሉዎ ውዲት ኣለልዩዎ'ዩ። <u>ህዝቢ ኤርትራ ሓቢርካ'ምበር ተፋላሊኻ ዓወት ከምዘይርከብ: ካብ ሰብዓታትን ጀሚሩ እፈልጦ'ዩ።</u> ግን ካብ'ቲ ዘሎ ሕጊ-ኣልቦ መንግስትን: ኣሎና ዝብላ ውድባትን: ዘይተኣደነ ሽግር እንዳርኣየ: ክሳብ ሎሚ ስኣን ስመረት ጠፋእና ኣንዳበለ የስቈርቍር ኣሎ። ኣብ ነንሓድሕድካ ምቍስሳልን ምግርጫውን ዘይሃገራዊ ምዃኑ ህዝቢ ኤርትራ ኣጸቢቑ ፈሊጡዎ'ዩ። ውድባት ጉድለታተን ደጕለን: ንኢሰያስ ጥራይ ምስካም ፍታሕ ከምጽእ ከምዘይክእል ህዝብና ተረዲኣኡዎ'ዩ። ኢሰያስ ድማ ጉድለታቱ ሸፊኑ: ኵሉ ሓጥያቱ ንውድባትን ንወያኔን ከሰክም ከሎ: ቀንዲ ስልቱ ንስልጣኑንን መከራ ህዝቢ ኤርትራ ንምንዋሕን: ምዃኑ ድሮ ህዝቢ ኤርትራ ተረዲኡዎ'ዩ። ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ብሰንኪ ኢሰያስን ውድባትን ዝወረዶ ንድየት: ካብ ተመኵረታቱ ተማሂሩ'ዩ። ፋሺስታዊ መራሒ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: ማኣለያ ዘይብሉ ስለላዊ ምስምሳት እንዳምሃዘ: ኲነይሉ ንህዝቢ ኤርትራ ፈላልዩ ኣብ ሓሸውየ ሸኺሉዎ ከምዘሎ: ዳርጋ ሎምስ ኩሉ ኤርትራዊ በጺሑዎ'ዩ።

ነቲ ካብ ቅድሚ 8 ዓመታት ጀሙሩ: ክሳብ ሎሚ ክድረፍ ዝጸንሑ: መስርሕ <u>እከብ-ፍንጥሕ</u> (ምሕዝነት ወይ ኪዳንን) ድማ: ተልእኾ ዘለዎ ተዋስኦ ምዃኑ ድሮ ህዝቢ ኤርትራ በጺሑዎ'ዩ። ካብ'ዚ ኹሉ ንኽድሕን ግን ብትብዓት ተዋሃሂዱ: ኣብ ሓደ ደንበ ተጠርኒፉ ምስዝምክት ጥራይ እዩ ነይሩ። እቲ ብገለ-ገለ ውድባት "ዋዕላዶ ባይቶዶ" እንዳተባህለ ገና ዝደጋገም ዘሎ ተዋስኦ'ውን: ላግጺ ምዃኑ ህዝቢ ኤርትራ ኣለልዩዎ'ዩ። እቲ ፍታሕ ድማ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ እዩ ዘሎ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መግዛእቲ ጣልያን ይኹን: ኣብ መግዛእቲ ኣንግሊዝ: ኣብ መግዛእቲ ሃይለስላሴ ይኹን: ኣብ መግዛእቲ ደርጊ: ተፋላልዩ ኣይፈልጥን። በብውራጃኡን ወረድኡን ዓዱን ድማ ብሓባር ክነብር ጸኒሑ'ዩ። ደቁ ገሊኦም ብገርሆም ገሊኦም ብጕርሖም: "ንነጻነት ክንቃለስ ኢና"ኢሎም ንሜዳ-ኤርትራ ምስ ወጹ ግን: ቅድሚ ንጸላኢኦም ዝስዕሩ: ጀብሃን ሻዕብያን እንዳተባሃሃሉ: ጸላኢ ሓይሉ እንዳደልደለ ከሎ: ንሶም ግን ኣብ ነንሓድሕዶም ተመናቘሶም'ዮም። ኣዚ ከኣ ከም ብዓል ኢሰያስ: ብንግሆኡ ብስለላ መርበብ (ሲኣይኤ) ተወዲቦም ስለዝጸንሑ ዘቓነዩዎ ተዋስኦ'ዩ። ለዋህን

*ገርህን ህዝቢ ኤርትራ ግን: ነቶም ስለላ-መርበብ ሲኣይኤ ተመልሚሎም ዝተዋፈሩ ደቂ ሃገር ዝብሃሉ: ውሑዳት ግን ከኣ ብረቂቕ ውዱባት ዝኾኑ: ሕበሩ ክብል ላሕ ኢሉ'ዩ። ዝሰምዖ ግን ከቶ ኣይረኸበን። ስለ'ዚ ተፋላሊኻ ዝግበር ቃልሲ ፋይዳ ከምዘይምጽእ ህዝቢ ኤርትራ ኣቐዲሙ ይፈልጦ ነይሩ'ዩ። እምብኣር ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ሕጂ ቀንዲ ጸገሙ: ኣዞም ኣቦይን ኣደይን በበይኑ ጸሎቶም ዝኾኑ ውድባትን: እቲ ካብ ባዕዳዊ ገዛኢ ዝገደደ ገበነና ጉጅለ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን እዮም። ህዝቢ ኤርትራ ግን ኣይኮነን። ንሱስ ደላይ ሰላምን ደላይ ሕብረትን ደላ ራህዋን'ዩ። ነዚ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዘሎ ትያትር: ማለት ተፋላሊኻ "ንስኻ ትረፍ ንስኻ ምጻእ" ኣንዳተባህለ ዝፍተን ዘሎ ንስሙ ዋዕላ ግን: ፍታሕ ከምጽእ ከምዘይክእል ህዝቢ ኤርትራ ኣጸቢቑ በጺሑዎ'ዩ። እዚ ኩሉ ክሳብ ሎሚ ዝካየድ ዘሎ ሓሸውየ'ምብኣር: ሕቡእ ኣጀንዳ ስለዘለዎ ጥራይ እዩ። ንሱ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ባዕሉ ፍታሕ ንኸየናዲ: ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.ን ወያኔን መራሕቲ ውድባትን ተላፊኖም: ዋርድያታት ኮይኖም ኣላሽ ኣብሉዎ ኣለው። እቲ ቀንዲ ሕልሞም ድማ: ኣብ መወዳእታ ንህዝቢ ኤርትራ ዘርምዘርሞ ኣትሪፍካ: ጽባሕ ንግሆ ኣላሽ ክብልሞ: ባኒ ሕዙ ንዝመጾ ባዕዳዊ ወራሪ ከኣ: ሓንጐፋ ኢሉ መታን ክቕበሎ ጥራይ እዩ። ካብ'ዚ ዝኸፍእ ውድቀት ከኣ የልቦን። ነዚ ክትጥሕና ዲኻን ትርህጻ ዘብል'ዩ።*

*እሞ ሕጂኸ ኣንታይ ድኣ ይገብር? እቶም ንህዝቢ ኤርትራ ንኸይጥርነፍ ጸገም ኰይኖሞ ዘለው ህዝቢ ኣኤርትራ እንተዳኣ ኣለልዩዎም ኣንታይ ክገብር ኣለዎ? እስከ ነዞም ዝስዕቡ ጸገማት ህዝቢ ኤርትራ ንከታተሎም።*

## *መንግስቲ:*

*በዘይ ሕጊ መንግስቲ የልቦን። ኢሰያስ ፕረሲደንት ዝብሃል ዘሎ ብዘይሕጊ'ዩ። ስለዚ ሕግ-ኣልቦ መንግስቲ ክብሃል ይከኣል'ዩ። ኢሰያስ ብሕጊ ስለዘይክሰስ ከኣ'ዩ ደጋጊሙ ድርብርብ ገበናት: ኣብ ልዕሊ ለዋህ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍጽም ዘሎ። ኢሰያስ ህንጻ-ሕጊ ጸዲቑ ኣብ ግብሪ ንኸይውዕል: ዓጊቱዎ ዘሎ ንሱ ባዕሉ'ዩ። መኽንያቱ ሕጊ እንተድኣ ተእዊጁ ብሕጊ ክፍረድ ስለዝኾነ ኣጸቢቑ ስለዝፈልጥ። ንህዝቢ እንዳገፈፈን እንዳኣሰራን: ኣንዳ ቀንጸለን: መንፈሳውያን እንዳኣሰረን: ገዳማት ኣንዳዓጸወን። ሞባእ ቤተ-መቕደስ እንዳዘመተን: ንህዝቢ ብዓጸቦ ኣንዳ መንቄሰን: ሓዲሽ ወለዶ ኰነ ኣኢሉ ኣንዳምከነን: ባርባራዊ መግዛጢ ዘካይድ ዘሎ: ንሱ ሕጊ-ኣልቦ ጭፍራ ኣኢህግዲፍ እዩ። እቲ ብኸም'ዚ ኣገባብ'ዚ ዝገዝእ ዘሎ'ዩ እምብኣር "መንግስቲ ኤርትራ" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ። እታ ብኸም'ዚ ኣገባብ ትግዛእ ዘላ ኣምብኣርያ ሃገርና ኤርትራ ትብሃል ዘላ።*

## *ውድባትን ሰልፍታትን:*

*ዓቕምታቶም ኣወሃሂዶም ለውጢ ክመጽእ ዝኽእል መደብ ዘይብሎም: ዘይንጹር ስትራተጂ ዝሓዙ ልሙሳት ደምበ ተቓውሞ ዘለዋ ሃገር'ያ ዘላትና። ብጐነጽ ዘይኮነስ ብሰላማዊ መንገዲ ጥራይ ንምልጋስ ንቃለስ ኣሎና: ዝብሉ ሰልፍታትን ውድባትን ዘለዋ ሃገር'ያ ዘላትና። ህዝቢ ምስልምና ጥራይ ተወጺዑ: ዝብሉ ውድባት ዘለዋ ሃገር'ያ ከኣ ዘላትና። ብፍላይ ብሔር ኩናማን ዓፋርን ተውጺዑ ዝብሉ: እንዳበሉ መሳርሒ ባዕዳውያን ኮይኖም ብረት ሒዞም ኰለል ዝብሉ ውድባት ዘለዋ ሃገር'ያ እምብኣር ዘላትና።*

## *ምሁራት*

*ታሪኽ ኤርትራ ፈቲሾም: ንህዝቢ ሓቂ ምሂሮም: ብትብዓት ሓባራዊ ፍታሕ ንኽመጽኡ ዘይቃልሱ: ሃገራዊ ኒሕ ዘይብሎም ምሁራት ዘለዋ ሃገር'ያ ዘላትና። ብስለላ መርበብ ተወዲቦም: ኣብ ክንዲ ንህዝቦም ብስዉር ንረብሓ ባዕዳውያን ዝዓዩ ምሁራት ዘለዋ ሃገር'ያ ዘላትና።*

## *መርበብ ሓበሬታት*

*ህዝቢ ንመሰሉ ዝልዓዓለሉ ዕድል ዝፈጥር ሓበሬታ እንዳዘርግሑ: ፍታሕ ህዝቢ ኤርትራ ዝርከበሉ ባይታ ኣብ ክንዲ ምፍጣር: ንፋሺ.ታዊ ኢሰያስን ሰዓብቱን ሓዲሽ ትንፋስ ዝሰኾዕ: ፕሮፖጋንዳ ንምምዝርጋሕ ዝቀዳደማ መርበብ ሓበሬታታት ዘለዋ ሃገር'ያ ዘላትና። ኣብ ህንጻ ሕግን ህንጻ መንግስትን ዘይብሉ ሃገር: ሓይሊ ምክልኻል ከምዘየሎ እንዳኣመና: ነቲ ንኢሰያስ ዝሕሉ ዘሎ ሰራዊት: "ምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ: ንኢሰያስ መኪቱ ክቕይሮ ይደሊ ኣሎ": ዝብል ብዘይመጽናዕቲ ዝተረኸበ ሓሶታትን ፕሮፓጋንዳን ዝፍንዋ መርበብ ሓበሬታታት ዘለዋ ሃገር'ያ ዘላትና። እቲ ውድብ ልሙስ ክነሱ: ኣብ ክንዲ ንህዝቢ ዘንቅሓ: ነቲ ልሙስ ውድብን ትንፋስ ዝሰኾዕ ፕሮፓጋንዳ ዝነዝሓ መርበብ ሓበሬታት ዘለዋ ሃገር'ያ ዘላትና።*

## *ኣብ ወጻኢ ተሰዲዱ ዝነብር ህዝቢ*

*ዓዱ ንኽመላለስን መሬትን መረባዕን ንኽገዝእን 2% እንዳኸፈለ: ምስ ፋሺ.ታዊ ኢሰያስ ተወዲቡ: ንዕድመን ስልጣንን ፋሺስታዊ ኢሰያስ እንዳኣናውሔ: ሃገር ጠፊኣ እንዳበለ ክቑዝም ዝውዕል: ኣብ ወጻኢ ተሰዲዱ ዝነብር ኤርትራዊ ህዝቢ: ዘለዋ ሃገር'ያ ዘላትና። "ግቡእካ እንተድኣ ከፊልካ: መሰልካ ከኣ ትረክብ" ዝብል: ብዘይካ ኣብ ኤርትራ ኣብ ኩለን ሃገራት ዓለማት ዝሰርሕ ዘሎ ሕጊ'ዩ። ትርጒሙ ድማ ካብቲ ማሃያኻ ቀረጽ*

ንመንግስቲ እንተድኣ ከፊልካ: መስል ሕክምናን መሰል ትምህርትን: መሰል ንግድን መሰል ማሕበራዊ ረብሓታትን ወዘተ.... ትረክብ ማለት'ዩ። እንተውሓደ'ውን ርሂጽካ ቅጫ ትበልዓሉ መሰል ትረክብ። ኣብ ኤርትራ ግን ግቡእካ ከፊልካ መሰልካ ኣይትረክብን ኢኻ። ነዚ ዘይርድኡ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ሓፋሽ ውድባት ኤርትራውያን ይኾኑ: ኣባላት ማሕበረ-ኮማት ዘለዋ ሃገር'ያ እምብኣር ዘላትና። ኣብቲ ተሰዲዶም ዝነብሩሉ ሃገራት ቀረጽ ኣንዳከፈሉ ክንሶም: ኣብ ኤርትራ ድማ ግቡኩም ክፈሉ ኣንዳተባህሉ መሰል ግን ዘይርከቦ 2% ዝኸፍሉ ህዝቢ ዘለዋ ሃገር'ያ ዘላትና። ብሕልፊ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ: ኣስመራ በጺሖም ምስተመልሱ: ሃገር ጠፊኣ ኣንዳበሉ ኣውያት ክእውይዩ ዝሰምዑን: ንፋሺስታዊ ኢሰያስ ድማ ትሓቢኦም ክራገሙ ዝውዕሉን ደቂ-ሃገር ዘለ'ያ ሃገር'ያ ዘላትና።

እሞ ሕጂ'ኸ ኣንታይ ድኣ ይገብር? ንዝብል ሕቶ: እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ነጥብታት: ብግቡእ ተፈቲሾም ብሓቂ ዝዓይሉ መንገዲ ክኽፈት ኣለዎ። ብድሕር'ዚ ድማ ነቲ በኹሩ ዘሎን ግን ከኣ: ሕቶ መሪሕነት ንድሕሪት ገዲፍካ: ሕቶ በለጽ ፎእ ኢልካ: መሰረታዊ ፍታሕ ከምጽእ ዝኽእል ሕቶ ጥርናፈ: ግድነት ክትምልስ ክትበቅዕ ኣሎካ። ብኸም'ዚ ሜላ'ዚ እዩ እምብኣር: ሕቶ ድሕነትካን ህዝብኻን ንቕድሚት ክስራዕ ዝኽእል። ስለዚ እቲ ኣንኮ እዋናዊ ሃገራዊ ሕቶ ክምለስ ዝኽእል: ካብ ታሕቲ ናብ ላዕሊ ውደባ ኣካይድካ: ጥራይ እዩ: ነዚ ፋሺስታዊ ጕጅለ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.'ዚ: ካብ ስሩ ዝምሓወሉ ባይታ ክፍጠር ዝክኣል። ንጹር ሜላን ስትራተጂን ኣውጺእካ እዩ: ኣብ መቓብር ጕጅለ ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ.: ብሓጋጊን ፈጻምን ፈራድን ኣካል ዝቕየድ: ፍትሓዊን ዲሞክራስያዊን ምሕደራ ክቐውም ዝኽእል።

## ህዝቢ ኤርትራ ሕሉፍ ጸገማቱ ፈቲሹን ገምጊሙን: ብሓዲሽ መንፈስ ምስዝውደብ ጥራይ እዩ: ውዲት ጸላእቱ ኣፍሺሉ: ካብ ኣርዑት ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ክገላገል ዝኽእል።

## ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ!



**ይ ቕ ጽ ል**